# መጽናዕቲ ብዛዕባ ወንጌል ማቴዎስ
## ካልኣይ ክፋል
## ካብ መጽሓፍ "ትምህርቲ ቕ. መጽሓፍ"
## ብኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ዝተደርሰ

## 3- ትሕዝቶ ወንጌል ማቴዎስ

ካብ ዝጠቐስናዮም ሊቃውንቲ ቤተክርስትያን ከምዝትረኽልና ቀዳማይ ወንጌል ብቋንቋ አራማይስጥ እዩ ዝተጻሕፈ።ብዝጠፍኤ ግን ፓፒያስ ከምዘረጋገጸልና ሽዑ ንሽዑ ግሪኽ ስለዝተተርጐመ እዚ ግሪኻዊ ትርጉም ወንጌል ማቴዎስ ክሳብ ዘመንና ተመሓላለፈ።እዙይ ብግሪኽ ዝተጻሕፈ ወንጌል ማቴዎስ ወላ እኳ ብቅ- ማቴዎስ ኣይጸሓፍ ዳ እምበር ቅዳሕ እቲ ጥንታዊ ኣራማይስጣዊ ወንጌል ማቴዎስ ስለ ዝኾነ ክሳብ ሕጂ ወንጌል ማቴዎስ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ስለዚ ብግሪኽ ዝተጻሕፈ ወንጌል ማቴዎስ

ሀ. ምስቲ ቀዳማይ ኣራማይስጣዊ ወንጌል ማቴዎስ ኣጸቢቑ ዚመስል ኢዩ፡

ለ. ካብ ወንጌል ማቴዎስ ቅዳሕ ይርከቦ

ሐ. ካብ ካልእ ጽሑፋትን ወንጌል ሉቃስን ዝተቐድሐ ክፍልታት ኣለዎ።

ንኣደራርሳን ስነ ጽሑፍን እንተተመልከትና ወንጌል ማቴውስ ካብ ወንጌል ማርቆስ ዝሓሸ ሰዋስው ግሪኽ ዝሓለወን ዝበለጸ ኣቀራርጻ ስርዓትን ዘለዎ ኢዩ። ማቴዎስ ነቲ ብኣረማይስጢ ዝተደርሰ ወንጌሉ ብ፵ ወይ ፶ ዓ.ም. ጽሒፉዎ። ናባና ዝበጽሐ ናይ ግሪኽ ወንጌሉ ግን ብ፸ ዓ.ም. ዝተደርሰ ኢዩ ይበሃል።

ቅ. ሄረኔዎስ ከምዚብሎ እንተደኣ ኰይኑ፡ ወንጌል ማቴዎስ ብ፷ ዓ. ም. ኣቢሉ ተጻሕፈ ክንብል ኢና፡ እንተኾነ አውሳብዮስን ቅ. ዮሃንስ ኣፈወርቅን ቅ. የሮኒሞስን ብጊዜ ስደት ሓዋርያት ቅ. ማቴዎስ ወንጌሉ ጸሓፈ ስለዚብሉና፡ ብ፵፪ ዓ. ም. ኣቢሉ ተጻሒፉ ክንብል ንኽእል። ዝኾነ ኾይኑ፡ ብዙሓት ማእምራን ሓዲሳትን ኣበውን ከምዚግምትዎ፡ ብ፷ ዓ. ም. ተደሪሱ ክንብል ንኽእል። እዚ እቲ ብእረማይስጢ ዝተጻሕፈ ወንጌል ኢዩ፡ እቲ ብግሪኽ ዝተጻሕፈ ግን፡ ከምቲ ኣቀዲምና ዝበልናዮ፡ ብ፸ ዓ. ም. ኢዩ ተጻሒፉ።

ማቴዎስ ወንጌሉ ኣብ ፊልስጤም ስለዝጸሓፎ፡ ነቶም ካብ ሃይማኖት ኣይሁድ ናብ ክርስትና ዝሓለፉ ዕብራውያን ከምዚጸሓፎ ኣየጠራጥርን። ከመይ

1. እቶም ኣንበብቲ ድርሰቱ፡ ባህሊ ኣይሁድ ይፈልጡዎ ኢዮም ኢሉ ስለዚግምት ጠቒሱዎ ጥራሕ ይሓልፍ እምበር ከም በዓል ሉቃስን ማርቆስን ትርጉሙ ኪገልጽ ጊዜ ኣየሕልፍን። ንኣብነት፡ ንካልኣት ዓሌታት ኪርድኦም ዘይኽእል ቃላት ይጠቅስ (ከም ብኤልዘቡል፡ ራካ፡ ገሀና ወዘተ. ...) ትርጉሙ ወይ ሚሥጢሩ ግና ኣይገልጸን። በንጻሩ፡ ብዛዕባ ኣተራጓጒማ ሕጊ፡ ግብዝነት ፈሪሳውያን፡ ጾምን ጸሎትን፡ ሥርዓት ኣስተናጽሓ

ኣይሁድ ኪጽሕፍ እንከሎ፡ እቲ ዝበለጸ ቃላት ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ እናዘከረ ጌጋ ኣይሁዳውያን ኬረድእ ይጽዕር።
2. እቶም መጽሓፋ ዜንብቡ ምስ ብሉይ ኪዳን ድሮ ከምዝተላለዩ ገይሩ ስለዚግምቶም ደጋጊሙ ካብኡ ይጠቅስ።
3. ናይ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ወለዶ ኣብ ርእሲ ምዝርዛሩ፡ ካብ ዘርኢ ዳዊት ምዃኑ ኣጸቢቑ ይደጋግም፡ "መጽሓፍ ወለዶ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ዳዊት፡ ወዲ ኣብርሃም እዚ ዚስዕብ ኢዩ..." ይጅምር እሞ፡ እቲ ወለዶ በብ14 ይፈላለዮም፡ ዳዊት ድማ ሓደ ካብቲ ዕምዲ ናይቲ ወለዶታት ኢዩ።

## ሀ. ኣከታትላ ዓበይቲ ኣርእስቲ ወንጌል ማቴዎስ፤

1 ክፍሊ - ልደትን ሕጻንነትን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ (ሕቡእ ሕይወት) (1-2 ምዕራፍ)

2 ክፍሊ - ተልእኮ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ (ግሁድ ወይ ቅሉዕ ክፋል ሕይወቱ) (3 ፡ 25 ምዕራፍ)

3 ክፍሊ - ናይ ሕማም ምስጢር ሕማማት-ሞት። ናይ ክብረ ምስጢር ትንሳኤ ጐይታን ኢየሱስ ክርስቶስ (26-28 ምዕራፍ)

## ለ. ኣጸሓሕፋ ማቴዎስ፤

ማቴዎስ ወንጌሉ ክጽሕፍ እንከሎ ተመሃርቱን ሰማዕቱን ትምህርቱ ቀልጢፉ ምእንቲ ክርድኦምን ኣብ ኣእምሮኦም ብቅልል ዝበለ መንገዲ ምእንቲ ኪሕዝዎን ቢሉ ንጽሑፉ ስሩዕ ቅርጽን መልክዕን ክህቦ ደለየ። ንኣብነት ኣሠራርዓ ተልእኮ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ እንተወሰድና ብከምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ብክፍሊ ተረትን ክፍሊ መደረን ተኸፋፊሉ ንረኽቦ።

### ተልእኮ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ

| ተረት -ታሪክ | ምዕራፋት | ትምህርቲ ኀዝል ዘረባ | መዕጸዊ ቃል |
|---|---|---|---|
| -ስብከት ዮሐንስ መጥምቅ<br>-ጥምቀት ጐ.ኢ.ክ.<br>-ፈተና ጐ.ኢ.ክ. | 3-4 | ክርስቶስ ኣብ እምባ ደዩቡ ዘስምዕ ዘረባ "ብፁዓን ነዳያን" (ምዕራፍ 5-7) | "ነዚ ነገር ምስ ወድኤ" |
| -10 ተኣምራት | 8-9፡ 34 | ንግግር ብዛዕባ ተልእኮ ሐዋርያት "ናብተን ጥፉኣት ኣባጊዕ..." (ምዕራፍ 9-10) | "ኢየሱስ እዚ ምእዛዝ ምስ ወደኤ..." |
| -ጽንዓት ልቢ ኣይሁድ | 11-12 | ብዛዕባ ምስላታት ዝተዛረቦ ቃል (ምዕራፍ 13፡1-54) | "እዘን ምስላታት እዚኤን ምስ ወድኤ-" |
| -ንፍገት ናዝሬውያን<br>-ህንጸት ቤተ ክርስትያን | 13-17 | ንግግር ብዛዕባ ቤተክርስትያን፥ ንግግር ብዛዕባ ፍቕሪ | "ኢየሱስ እዚ ነገር እዚ ምስ ወድኤ" |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | | (ምዕራፍ 18) | |
| -ጉዕዞ ክርስቶስ ናብ ከተማታት | 19-22 | ክርክር ምስ ኣይሁድ፥ ትምህርቲ ብዛዕባ ኅልቀት ዓለም (ምዕ.24፡24) | "ኢየሱስ እዚ ነገር ምስ ወድኤ" |

ወንጌል ማቴዎስ ብዓቢይ ጥንቃቔን መጽናዕትን ከምዝተሠርዔ ኬረድአና ዚኽእል ካልእ ኣብነት ከነምጽእ ንኽእል። "ብፁዓን ነዳያን" እናበለ ኣብ እምባ ደዪቡ ዘስምዖ ወግዒ ንመልከት፥

## ብጽዕነታት (ምዕራፍ 5-7)

| ጽድቂ | ሠናይ ተግባር | ምኽሪ |
|---|---|---|
| -መንቀሊ ሓሳብ (5፡ 7-20)<br>-5 ኣብነታት (5፡ 21-48) | መንቀሊ ሓሳብ (6፡1)<br>3 ኣብነታት (6፡ 2-18) | -ኣይትፍረድ (7፡1-2)<br>-ምስላ በሰር (7፡3-5)<br>-ተጠንቀቑ (7፡15)<br>-ምስላ ኦም (7-16-20)<br>-ፍትሒ ኣዘውትሩ (7፡21)<br>-ምስላ ገዛውቲ (7፡24-27) |

ኣጻሓሕፋ ወንጌል ማቴዎስ ምስቶም ክልተ ብቀረባ ተመሳሰልቱ ወንጌላውያን እንተኣነጻጺርናዮ ከም ማርቆስ ነገራቱ ኣድቂቑን ኣስፊሑን ኣይገልጽን፡ እንተኾነ ጠባይ ማርቆስን ሉቃስን ብምልባስ ኣገላልጻ ዝተፈላለየ ተግባራት ብሓደ ውሱን መልክዕ ኬቕርበልና ይርከብ። ንአብነት ዝተፈላለየ ተግባራት ብሥራት፡ ህድማ፡ ምምላስ ቅ.ዮሴፍ ኪጽሕፍ እንከሎ ብመጀመርያ ዅነታቱ ይገልጽ፡ ደሓር ተኣምራት (ራእዪ)፡ ኣስዒቡ ትንቢት ብሉይ ኪዳን እናዘከረ ናብ ፍጻሜ ነገር ይሓልፍ፥

## ብዛዕባ ቅዱስ ዮሴፍ (1- 2)

| | ዮሴፍ | ህድማ ዮሴፍ | ዮሴፍ ኣብ ናዝሬት |
|---|---|---|---|
| 1- ዅነታት | ምዕራፍ 1፡ 18-19 | ምዕራፍ 2፡ 13 | ምዕራፍ 2፡ 19 |
| 2- ራእይ | ምዕራፍ 1፡ 20 | ምዕራፍ 2፡ 13 | ምዕራፍ 2፡ 19 |
| 3- ትንቢት | ምዕራፍ 1፡ 22 | ምዕራፍ 2፡ 15 | ምዕራፍ 2፡ 23 |
| 4- ፍጻሜ ነገር | ምዕራፍ 1፡ 24-25 | ምዕራፍ 2፡ 15 | ምዕራፍ 2፡ 23 |

## 4- ትምህርትን ዕላማን ወንጌል ማቴዎስ

ሀ- **እግዚኣብሔር ኣብ።** ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ብብዝኂ ጥቅሲ እቲ ቀዳማይ ኣካል ቅ-ስላሴ ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣብ ስለዝርከብ ብፍላይ በዚ ምኽንያት "ወንጌል እግዚኣብሔር ኣብ" ክንብሎ ንኽእል። ኣብ'ዚ ወንጌል ብዙሕ ግዜ ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ንእግዚኣብሔር ኣብ ኬልዕል እንከሎ "ኣቦይ" ወይ ከኣ "ኣቦ ኣሕዛብ" እናበለ ይዛረብ። ኣገደስቲ ጥቅስታት ኣብ (10፡20) ፥ (10፡23) ኪኸውን እንከሎ ንሓፈሻኡ ማቴዎስ "ኣብ" ዝብል ቃል 21 ግዜ ይጠቅስ። ብዘይካ'ዚ ማቴዎስ ንእግዚኣብሔር ኣብ ብምስሌታት'ውን ዝዝክሮ ይመስል ከመይ "ምሳሌ ዘእሙን ግዙእ" (18፡23-35)፥ "ምሳሌ ሠራሕተኛታት ኣትክልቲ ወይኒ" (20፡1-16)፥ "ምሳሌ መርዓ ወዲ ንጉሥ" (22፡1-14)፥ "ምሳሌ ክልተ ደቂ" (21፡28-31)፥
"ምሳሌ ክርዳድ" (13፡24-30)፥ ንእግዚኣብሔር ኣብ ቢሉ ዝጠቐሰ ይመስል። ስለዚ ሜቴዎስ ብብዝኂ ኣብ ኬልዕል ከሎ ሉቃስ ንመንፈስ ቅዱስ ዘቐድም ይመስል፥ ማርቆስ ከኣ ብወልደ ጥራይ ዝግደስ ይመስል።

ለ- **ኢየሱስ ወልደ ዳዊት።** ማቴዎስ ኢየሱስ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ዝውለድ (1፡1-2) ሕዝቢ'ውን ዚጽበዮ ዝነበረ መሲሕ ካብ ዓሌት ዳዊት (ሜቴ.1፡1) ዚበርቕ ኮኮብ ጽባሕ፡ መድኀን ሕዝቡ፡ ከምዝኾነ ንኽረድእ ሓድሓደ ትንቢት ብሉይ ኪዳን ይጠቅስ። ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ዚርከብ ጥቅስታት ብዙሕ ግዜ ምስቲ ጥቅሲ ብሉይ ኪዳን ዘይስማማዕ እውን ኪኸውን ይኽእል ከመይ ሓድሓደ ግዜ ናቱ ሓሳብን ትርጉምን ኬልብሶ ይርከብ። ክርስቶስ ብምጽኣቱን ሕይወቱን ብሞቱን ትንሳኤኡን ትንቢት ነብያት ከምዝፈጸመ፥ ንሱ እቲ ክሥዋዕ ዝነበሮ ባርያ ኣምላኽ (=ኢሳ 53) ከምዝኾነን፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ደመና ቀይሙ ብነቢይ ዳንኤል ዝተራእየ "ወልደ እጓለ ኣምሕያው" ከምዝኾነን፡ ኬረድኣና ይደሊ። ስለዚ ከኣ ማቴዎስ ንኢየሱስ **"ወልደ ዳዊት"** እናበለ ይሰምዮን ከማኡ ቢሎም ኣሕዛብ ከምዝሰምይዎን ይገልጸልና። (2፡5)፥ (2፡13-23)፥ (12፡23)፥ (9፡27) ፥ (15፡ 23)፥ (21፡15) ተመልከት።

ሐ- **ብጽዕነት።** እቲ ቀንዲ ትምህርቲ ወንጌል ማቴዎስ ኣብ "ብፁዓን ነዳያን" ኢሉ ዚጅምር ትምህርቲ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ክንረኽቦ ስለንኽእል፡ ብዛዕባ ብጽዕነታት ኬነስተንትን። ኣብዚ መደረ'ዚ ናይ ክርስትያን ሞራላዊ ጠባይን ናይ ሕውነት ምቅድዳውን (5፡ 25)፥ ናይ በደል ምሕረት (6፡14)፥ መንኖ ንዋይ (6፡19-34)፥ ኣድላይነት ሠናይ ተግባር (7፡21-23) ተጠርኒፉ ስለዚርከብ እዚ ትምህርቲ ክርስትያናዊ መደብ ሕይወት ወይ ከኣ ሥርዓት-ሕይወት ክርስትያን ክንብሎ ንኽእል። ሙሴ ናብ ጐቦ ሲና ደዪቡ ሕጊ እግዚኣብሔር (10 ትእዛዛት ) ተቐበለ፡ ክርስቶስ ብገዴሉ ናብ ሓደ እምባ ብምድያብ (5፡1) ካብቲ ጥንታዊ ሕጊ ሓንቲ የውጣ ከየጐደለ፡ ንሕጊ ሙሴ የሕድሶን ፍጻሜ የልብሶን (5፡17)። "ክሳዕ ሎሚ ... ይበሃል ነይሩ፡ ኣነ ግና ... " ብምባል ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ሕጊ-ደብረ ሲና ኪልውጦን፡ ኬማሕሾን ሥልጣን ከምዘለዎ ኬርኢ እንከሎ፡ ክርስቶስ ምስ ኣምላኽ ይመዓራረ ከምዘሎ የርኢ፡ ሕጊ ወንጌል ንሕጊ ኦሪት ከምዚበልጾን፡ እቶም ክርስቶሳውያን ዝኾንና ከኣ ብሕጊ ጥራይ ከይተወሰንና እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ክንለብሳ ከምዘሎና የዘኻኽር።

*መ - መንግሥቲ ኣምላኽ/ መንግሥተ ሰማያት - ቀንዲ ትሕዝቶ ትምህርቲ ወንጌል ማቴዎስ መንግሥቲ ኣምላኽ ምብሳር ኢዩ። ዮሓንስ ኪሰብኽ ምስ ጀመረ፡ "መንግሥቲ ኣምላኽ ቀሪቡ ኢዩ እሞ፡ ተነስሑ!"፡ ከምኡ ኢየሱስ ኪሰብኽ ምስ ጀመረ፡ "መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ ኢያ እሞ፡ ተነስሑ!" ኢሉ ቀንዲ ትሕዝቶ መልእኽቱ የረድኣና። ንሓዋርያት ኪሰብኩ ምስ ለኣኾም ድማ፡ <"መንግሥቲ ኣምላኽ ቀሪባ ኢያ!" ኢልኩም ስበኹ> ኢሉ ከምዝለኣኾም ንርኢ። ከምኡ ኪምህር እንከሎ በብዓይነቱ ምስላታት ተጠቒሙ፡ "መንግሥቲ ኣምላኽ ኪዝርእ ንዝወፈረ ሓረስታይ ትመስል፤ መንግሥተ ሰማያት ኣብ ግራቱ ጽቡቕ ዘርኢ ዝዘርኤ ሰብ ትመስል፤ ..." ሰብ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ኪካፈል፡ መንግሥቲ ኣምላኽ ኬስፍሕ ("መንግሥትኻ ትምጻእ") ዕላማ ሕይወቱ ኪገብሮ ይምህረና። መንግሥተ ሰማያት ናይ ሕጻውንቲ ኢዩ (19፡ 13) ሃብቲ ዚፈቱ ንመንግሥቲ ሰማያት ኪኣቱ ከምዚጨንቆ (19፡ 23)፣ ኑቶም ብእምነት ክሳዕ መጨረሽታ ዝተኸተልዎ ጻማኦም ኣብ ፲፪ መናብርቲ ተቐሚጦም ኪፈርዱ ምኳኖም የረጋግጸሎም። መርገም ፈሪሳውያን፡ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ንሳቶም ኣያትዉን፡ ንካልኦት'ውን ከያትዉ ይክልክሉ (23)።
ጸላእቱ ድማ ቀንዲ ትሕዝቶ ስብከቱ መንግሥቲ ኣምላኽ ምኳኑ ስለዝፈለጡ፡ ጲላጦስ ኣጥቢቑ፡ "ንጉሥ ዲኻ ንስኻ?" ኢሉ ይሓቶ። ኣብ መጨረሽታ ኢየሱስ ንሰማይ ኪዓርግ እንከሎ፡ "መንግሥቲ ሰማያት" ንሱ ምኳኑ እናገለጸ፡ "ኵሉ ሥልጣን ተዋሂቡኒ ኢዩ!" ኢሉ ንሓዋርያት ናብኡ ኪኣምኑ ይሰዶም።*